# ዕዳጋ እንስሳ ኣብ ኤርትራ ከከም ኩነታቱ

## ብድሌት ኣባላት ጸጥታ ከም ዝውሰን ተገሊጹ

ደንጉዩ ዝመጸና ሓበሬታ ከም ዘረጋግጾ፡ ኣብ ኤርትራ ዋጋ እንስሳ  ብስምምዕ ሸያጥንን ገዛእን (ብዕዳጋ) ዘይኮነ ሕጋውን ፍትሓውን ብዘይኮነ ኣገባብ፡ ብድሌት ካድራትን ኣባላት ጸጥታን ከም ዝወሰን፡ ኣብ ድሮ ዒድ ኣልፈጥር ናይ 2019 ኣብ ኣስመራ ዝተፈጸመ ቅሉዕ ኢደ ወነናዊ ተግባር  ምስክር'ዩ ይብሉ ምንጭታት ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ።

ንዒድ ኣብ ግምት ብምእታው ነጋዶ እንስሳ፡ ካብ ጋሽ ባርካን ካልኦት ከባቢታትን ልዕሊ 3000 ዝኾና ኣባጊዕ፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 1000 ዝኾና ከብትን ብመኪና ጽዒኖም ናብ ኣስመራ ከምዘምጽኡ ዝሓበሩ እቶም ናይ ዓይኒ መሰኻኽር፡ ብመደብ ህዝቢ ንምድካይን ብራስያን ማሕፉዳኦም ንምምላእን ዝሰርሑ ካድራትን ኣባላት ጸጥታን ህግደፍ፡ እተን እንስሳ ኣብ ከተማ ኣስመራ ክሳብ ዝኣትዋ ስኽ ኢሎም ጸኒሖም፡ ደሓር መንግስቲ ናብ ዘዳለዎ ሕጹር ዕዳጋ ክኣትዋ ብምግባር፡ ዘየእትዎም ክንሱ ባዕሎም ዋጋ ተሚኖም ብትእዛዝ ክሸየጣ ከም ዝገበሩ ኣረዲኦም።

 እቶም ነገዶ ንሓደ በጊዕ ካብ 1500 ክሳብ 2000፣ ንከብቲ ድማ ንሓደ ብሕሳብ 20 ሽሕን ልዕሊኡን ገዚኦም፡ ብመኪና ናይ መጎዓዝያ ከፊሎም ብኽቡር ዋጋ ከም ዘምጽእዎም፡ ይኹን ግን ዘይተጸበይዎ ካድራት ህግደፍ ብዝተመንዎ መሰረት እተን ከብቲ ተሓሪደን ንኪሎ ብ30 ናቕፋ ሕሳብ፡ እተን ኣባጊዕ ድማ፡ ዝተሓተ 500 ናቕፋ፡ ማእከላይ 700 ናቕፋ፡ ዝለዓለ ብ900 ናቕፋት ክሸየጣ ብምስግዳድ ነገዶ ብኽሳራ ክምለሱ ከም ዝገበርዎም ሓቢሮም።

ነዚ ጸረ-ህዝቢ ተግባር ህዝቢ ኣስመራ ብቐረባ ይከታተሎ ከም ዝነበረ፡ ኣመንቲ ምስልምና ሓሪዶም ዘብዕልዎ ክቡር ሃይማኖታዊ በዓሎም ክንሱ፡ ኣብ ናይ ዓመጽ ዕዳጋ ኣይንኣቱን ኣይንገዝን ዝብል መርገጽ  ብምውሳድ ተባዕ ህዝባዊ ተቓውሞኦም ብግብሪ ከም ዘረጋገጹ፡ ገለ ካብ ኣመንቲ ክርስትና ግን ሎሚ ተረኺበ ኢሎም በቲ ጸጥታ ህግደፍ ዝተመኖ ብጥርሑ ክበሃል ዝከኣል ዋጋ ተቐዳዲሞም ክገዝኡ ከም ዝተራእዩን ኣፍሊጦም።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 12-07-2019